*ኣኸበርቲ መበል 26 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ሹፐርታል*
*ብምዉቕ ሃገራዊ ሓበን ጸምቢሎም!*
*1500€ ንማሕበር ስንኩላን ኤርትራ ኣወፍዮም*

*መበል 26 ዓመት ጽምብል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ሹፐርታል ብዕለት 13.05.2016 ኤርትራውያንን፡ ካብ ከተማታት ኖርድራይን ቨስትፋለን ዝተሳተፍዎ :"ብርሃን ደርማስ ምዕባለ" ትሕቲ ዝብል ሓበራዊ ቴማ : ብዉዕዉዕን ምዉቕ ሃገራዊ መንፈስን ከቢሩ።*

*መደብ ጽንብል ብዝኽረ ሰማእታትን ሃገራዊ መዝሙርን ብድሕሪ ምክፋት ኣደ መንበር ማሕበረኮም ሹፐርታል ወ/ሮ ደመት እስቲፋኖስ ንተሳተፍቲ በዓል ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩምን ጽቡቕ ምንዮት ኣብ ዘቕረበትሉ፡ ኣብታ ዕለት ዝተረኽበ ኣታዊ ምስ ማሕበር ስንኩላን ኤርትራውያን ኣብ ሽቱትጋርት ጀርመን ብምትሕብባር ኣብቲ ብመንግስቲ ኤርትራን ብማሕበር ስንኩላን ኲናት ተጋደልቲ ኤርትራ (ማ.ስ.ኲ.ተ.ኤ) ንዝካየዱ ፕሮጀክትታት ከምዝውዕልን : መረዳኣታቱን ብድሕሪ ምቕራብ : ብምኽንያት መበል 26 ጽምብል በዓል ናጽነት ኤርትራ ተዳለወ ቃል ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ብኣቦ መንበር ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ሹፐርታል ኣቶ ተወልደ ቴድሮስ ተነበ።*

*ዕድመ ኣኽቢሮም ነቲ ኽቡር በዓል ንምጽንባል ካብ ከተማታት ኖርድ ራይን ቬስትፋለን ዝመጹ ሃገራውያን ተሳተፍቲ ብብዝሒ ሕጻናትን መንእሰያትን ከምኡ'ውን ብፍሉይ ጥርናፌን ውዳበን ተሳተፉ ሃገራውያን ነባሮ ከተማታት ዱዝልዶርፍ : ከለን : ሙንሸንግላድባኽን : ከረፊልድን ከባቢን : ብዝተራእየ ሕጉስን ሓድነት ዝመልአ ሃዋህውን ነቲ በዓል ፍሉይ ድምቀትን ምዓርግን ብምሃብ : መበል 26 ዓመት ጽምብል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ሹፐርታል ብዓወት ተዛዚሙ።*

*እዚ ኲናት ስንኩላትና ንምሕጋዝ ዝተወሰደ ስጉምቲ ኩሉ ግዜ ዕዉት ግብራውን ንምግባሩ ብዝተወሰደ ንጥፈታት ኣብዚ ምሸት'ዚ ብወፈያ ዝኣተወ 1500€ ( ኦይሮ) ንማሕበር ስንኩላን ኤርትራ ተወፍዩ።*

*ዓወት ንሓፋሽ*
*ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰውኣትና*